# መዓልቲ ኣደታት

ንባባት፡ ኤፌ 6፡1-4፥ ማቴ 15፡4-6፥ ዮሓ 19፡25-27፥ ምሳሌ: 31፡10-30፥ 6፡20-21

ሎሚ መዓልቲ ኣደታት ዘኪርና ነደታትናን ኣሓትናን ኣኽብሮትናን ምስጋናን ነቕርብ ኣሎና። እዚ ብዓል እዚ ዓለማዊ በዓል እኳ ይኹን እምበር እምነታዊ ትርጉም ሂብና ብዛዕባ መንፈሳዊ ጥቕሚ ኣብ ርክብ ምስ ኣደታትናን ኣብ ነንድሕድና ጌርና ክንርእዮ ንኽእል ኢና። ኣብ ኩሉ ሕብረተ ሰብ ብፍላይ ኣብ እምነት ክርስትና እንኽተል ኣኽብሮት ኣደን ኣቦን ኣብ ትምህርቲ ቅዱስ መጽሓፍ እዩ ዝምስረት። ኣቦናን ኣደናን ክንኽብር ኣምላኽ ዝኣዘዞ እዩ። ክብሪ ኣደ ኣብ ድላይ ኣምላኽን ኣብቲ ንሳ ኣብ ሕይወትና እትህቦን እትገብሮን እዩ ዝምስረት። ነፍሲ ወከፍ ኣደ ኣብ ስድርአ እታ ቀንዲ ጀማሪትን ኣላይትን ስድራ ስለ ዝኾነት ክትከብር ክትምስገን ብኹሉ ሸነኻቱ ግብኡ እዩ፥ በዚ ኸአ እዩ ኣብዚ ዘሎናዮ ሃገር ብፍሉይ መዓልቲ ኣደታት ኢሎም ኣብ ኣደታቶም ዘለዎም ኣኽብሮትን ፍቕሪን ብዝተፈላለየ መገዲ ዝገልጹ።

ኣብ እምነትናንን ባህልናን ኣደ ፍሉይ ቦታ እዩ ዘለዋ ኣደ ዘላቶ ኩሉ ኣልኦ። ኣደ ኣካቢት ናባይት ኣፍቃሪት መምህር ጓሳ ኩሉ እያ። ኣብ ዓሚቕ ባህልና እንተ ርኢና ኣብ መውስቦ ኣብ ጠባይ ኣብ ልቦና ዳርጋ መልክዒት ኣደ እያ ዳርጋ ኣቦ ብዙሕ ዝጸሉ ኮይኑ ኣይርአን እዩ፥ ኣብ ደርፍታት ሃገርና ከይተረፈ ብዝያዳ ዝድረፍ ብዛዕባ ኣደ ብዙሕ እዩ፥ ኣብ ዓዲ ኣብ በረኻ ኣብ ከተማ ኣብ ሃገረስብ ነደን ክብራን ዝገልጽ ብብዙሓት ተደሪፉን ተገጢሙን። ኣብ ጽቡቕ ጊዜ ይኹን ኣብ ሕማቕ ጊዜ ዝያዳ እትውፈ ኣደ እያ። ንኹሉ መንጎኛ ኮይና እትኣሊ ሰላም እተምጽእ "ብዘይ ሓበላ ዓይኒ" ንኹሉ ትሰትር ኣደ እያ። ምናልባት ሓንቲ ኣደ ዘንጊዓ ክትገብሮ ወይ ክትብሎ ዝግብኣ እንተ ዘይገበረት ኣንቲ ኣደ ዘይኮንክን ትብሃል እዚ ኸአ ኣደ መሓሪት ሓዳግ ርሕርሕቲ ደንጋጺት ስለ ዝኾነት እዩ። ንሓደ/ሓንቲ ምስማዕ ዝኣበየ/ት በቦኻ በደኻ ኢልና ንልምኖ። ስም ኣደ ክጽዋዕ እንከሎ ልቡ ዘይትንከፍ ሰብ የለን። ባህልና እምነትና ኣብ ኣደታትና ዓቢ ክብሪ ኣልኦ። ፍቕርን ክብርን ኣደታትና ክንገልጽ ኢልና በደይ ዝመጸኒ ኣይፈቱን እየ ንብል።

ነዚ ቅዱስ ባህሊ ክብሪ ወላዲት ካብ እምነትና ኢና ወሲድናዮ። ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ይኹን ኣብ ትውፊት እምነትና ኣብ ታሪኽ ድሕነትና ኣደታት ዓቢ እጃም ስለ ዘበርከታ እቲ ኣብኣን ዘሎና ኣኽብሮት ኣብኡ ይምስረት። ዝኾነ ቅዱስ ነገር ምስ እምነት ክተሓሓዝ ኣልኦ። ኣብ ኣምላኽ ኣብ እምነት ዝምስረት ባህልን ስርዓትን ዘይበርስ ኮይኑ ወትሩ ሕያው ኮይኑ ንሰብ ኣብ ሓጎስን ፍቕርን ከም ዝነብር ይገብሮ። እዚ ናይ ኣደታት ኣኽብሮት ከአ በዚ መልክዕ ክንርእዮ ከሎና ጥራሕ እዩ ትርጉም ዝህልዎ። ጓል ኣንስተይቲ ነቲ ኣምላኽ ዝሃባ ክብሪ ክንሕሉ ግድን እዩ። ኣምላኽ ባዕሉ ኣደ ክትከውን መሪጽዋ እዩ በዚ ኸአ እዩ ኩሉ ክትቅይር ይክእል ኣደን ሃገርን ግን ክትቅይር ኣይክእልን እዩ።

ኣምላኽ ሰበኣይን ሰበይትን ፈጢሩ ሓደ ነቲ ሓደ ምሉእ ክገብሮ፥ ክልቲኦም ብኣርኣያን ኣምሳልን ኣምላኽ ተፈጥሪሮም። ኣምላኽ ዝገደዶ ዘይብሉ ካብ ፍቕሪ ተላዒሉ እዩ ፈጢርዎም። ቅ. ዮሓንስ ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ ይብለና ኩሉ ንሱ ዝገብሮ ካብ ፍቕሪ ተላዒሉ እዩ፥ ስለዚ ተፈጥሮና መሰረቱ ካብ ፍቕሪ ኮይኑ ክነፍቅር ኢና ተፈጢርና። ኣብ ሰብ ፍቕሪ እንተ ጎደለ ቀንዲ ነገር ስለ ዝጎድል ዘይናቱ መልክዕን ግብርን ሒዙ ይጉዓዝ እሞ ሽው ኣብ ጸላም ይጉዓዝ። ኣምላኽ ዝፈጠረና ግን ናቱ ክንከውን ንኣኡ መሲልና ክነብር እምበር ካልእ ክንመስል ኣይተፈጠርናን።

አብ መንጎ ስላሴ ዘሎ ፍቕሪ መሰረት ናይ ኩሉ ፍቕሪ ሰብኣይን ሰበይትን እዩ። ኣብ ስላሴ ሓድነትን ፍጹም ዝኾነ ርክብን እዩ ዘሎ ሓደ ካብቲ ሓደ ኣይንእስ ኣይዓቢ ሰለስተ ከንሶም ሓደ እናበልና ብዓቕሚ ሰብ ንገልጾም። ክርስቶስ ነዚ ክገልጸልና ከሎ ኣነን ኣቦይን ሓደ ኢና፥ እቲ ኣቦይ ዝልእከልኩም መንፈስ ቅዱስ መንፈስ ኣቦይ ነቲ ኣነ ዝበልኩኹም ኩሉ ክገልጸልኩም እዩ፥ እናበለ እንታይነት ስላሴ ብመጠኑ ገሊጹልና። ናይ ሰብኣይን ሰብይትን ሕይወት ናይ እዚ ኣብ ስላሴ ዘሎ ርክብ ኣምሳል ኮይኑ ክነብር እዩ ድላይ ኣምላኽ። ተፈጥሮ ሰበይቲ ብጸይቲ ምኺን እዩ እዚ ማለት ከአ ሰብኣይ ንበይኑ ከክይከውን ንኣምላኽ ምምራጽ ከይጽግሞ ክትሕግዞ ንመገዲ ኣምላኽ ከይሓድግ ክትነግሮ ብሓጺር ነገራት ኣምላኽ ከም ዝዝክር እትገብር ሰበይቲ እያ። ፍሉይን ዓቢ ክብሪ ዘልኦ ተጸጥሮ። መገዲ ኣምላኽ እንተ ጠፍኣና ነደታትና ክንሓትት ዝበለጸ እዩ።

አብ መዓልቲ ኣደታት ክንሓስቦን ክነስተንትኖ ዘድሊ ተራ ኣደታት ኣብ ምትሕልላፍ ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ። ኣደ ወይ ሰበይቲ እታ ዝበለጸት መግለጺ ፍቕሪ ኣምላኽ እያ። ቅዱስ መጽሓፍ ከም ዝሕብረና ተፈጥሮ ኣዳም ክሳብ ሔዋን እትፍጠር ምሉእ ኣይነበረን ሔዋን ምስተፈጥረት እዩ ተፈጺሙ። ሰብኣይ በይኑ ክኸውን ጽቡቕ ኣይኮነን ክብል እንከሎ ኣምላኽ ናይ ሰብኣይ ጽቡቕ ብጸይቲ ክትውሃቦ እንከላ እሞ ንሱ ነቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ብምልኡ ክመስል ሰበይቲ ከምህያብ ኣምላኽ ተዋሂባቶ። ሰብ ክብርን ጽባቔን ህያብ ኣምላኽ ክቕበል እንከሎ እዚ ዓጽሚ ካብ ኣዕጽምተይ ሥጋ ኸአ ካብ ሥጋይ እያ እናበለ ተቐቢሉ።

ተፈጥሮ ሰብኣይ ምሉእ ዝኸውን ነታ ህያብ ኣምላኽ ዝኾነት ሰበይቲ ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ገሩ ተቐቢሉ ምስኣ ሓደ ክኸውን እንከሎ እዩ። ኣብዚ ሓደ ክብሃል እንከሎ ኣብ ኩሉ ሕይወቱ ምስኣ ብሓደ ልብን መንፈስን ክወሃሃድ ማለት እዩ፥ እዚ ኸአ ኣብ ስምዒቱ ኣብ ኣተሓሳስብኡ ኣብ ኩሉ ሕይወቱ ዝገብሮን ዝደልዮን ምስኣ ሓደ ኮይኑ ክነብር ማለት እዩ። ኣብዚ እዩ እቲ ጸገም ዝመጽእ። ሓድነት ኣብ ግዳማውን ስምዒታውን ጥራሕ ክምስረት እንከሎ ዘይናቱ ሒዙ ይጉዓዝ። ትርጉምን ጣዕምን ዝህልዎ ግን ነቲ ኣምላኽ ካብ መጀመርያ ዝመደቦ ኣብ ግብሪ ክነውዕል እንከሎና ጥራሕ እዩ።

ፍርቂ ታሪኽ ደቂ ሰብ ታሪኽ ኣደታት እዩ ካብ መንፈሳዊ ታሪኽ ድሕነትና ኣትሒዝና ክሳብ ዓበይቲ ፍጻሜታት ታሪኽ ዝተፈላለያ ሃገራት ተራ ኣደታት ዓብይን ወሳኒ ታሪኽን እዩ። ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ዝተፈላለያ ኣደታት ከም ብዓል ማርያም ሓፍቲ ሙሴ፥ ሳራ ሰይቲ ኣብርሃም፥ ዮዲት ኣስተር ሃና ኤላሳቤጥ ማርያም ወዘተ ኩለን ንታሪኽ ዝቐየራ ዓበይቲ ኣደታት እየን። ብዘይ ናታተን ተሳትፎ ታሪኽ ድሕነትና ከምዚ እንርእዮ ኣይመኾነን። ኣምላኽ ኣብቲ ንሱ ዝደልዮ ኣብ ኩሉ ክልኣኻ ድላዩ ኮይኑ ንድላይ ኣምላኽ ሰቢኸን ነጊረን። ኣስትር ንኣብነት ንንጉሥ ፋርስ ተዛሪባ ንህዝባ ካብ መቕዘፍቲ ሞት ኣድሒናቶም። ምርያም ሓፍቲ ሙሴ ኣብ ኩሉ ንህዝበ እስራኤል ምምራሕ ዓቢ ተራ ትጻወት ነራ። መብዝሕትአን ኣደታት ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ዝጥቀሳ ንድምጽን ድለትን ኣምላኽ ኣለልየን ዝኸአላ እየን። ቅድስት ካተሪና ንጳጳሳት ከይተረረፈ ንድላይ ኣምላኽ ብድፍረት ትነግር ከም ዝነበረት ንብዙሓት መራሕቲ ኣብ ኩሉ ትሕግዝ ከም ዝነበረት ታሪኻ ይነግረና። ኣብዚ እዋን ከም ብዓል ቅ. ማዘር ተረዛ፥ ንዓለም ብሕይወተንን ሰናይ ግርብረንን መንፈሳውነትን ቀይረንአ። ኣብ ዓድና ቅድስናን ሕይወት ኣደታትናን ንፈልጦ ኢና። እዚ ኹሉ ዝሕብሮ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዕዉታት ኣደታት ብዙሓት ምኺነን እዩ።

በዚ ምኽንያት እዩ እምብኣር ኣደ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ፍሉይ ቦታ ይውሃባ ኣምላኽ ክእዝዝ እንከሎ ኣቦኻን ኣደኻን ኣኽብር ኢሉ ኣዚዙ። ኣደናን ኣቦናን ድሕሪ ኣምላኽ ክነኽብሮም ዝግብኣና ንሳቶም እዮም። ቅ. ጳውሎስ ኣቱም ውሉድ ቅኑዕ እዩ እሞ ንወለድኹም ብጎይታ

ተአዘዝዎም፥ ከመይ ምእንቲ ኪቐንዓካ አብ ምድሪ ኸአ ነውኅ ዕድመ ምእንቲ ክህልወካ ዚብል ተስፋ ዝኃዘ ቀዳማይ ትእዛዝ አቦኻን አደኻን አኽብር ዝብል እዩ (ኤፌ 6፡13) እናበለ መሰረት አኽብሮ ወለዲ ይነግረና።

## አደ አምሳል ቤተ ክርስትያን እያ፡

ቤተ ክርስትያን ንኹሉ ጻድቃንን ኃጥአንን ሒዛ እትነብር ተስፋ ብዘይ ሙኽራጽ ሰባት አብ አምላኽ ክምለሱ እትጽዕር መገዲ አምላኽ ከይሕደግ ግፍዕን ፍልልይን ከይነግስ እሞ ወዲሰብ ከይሳቐ መንገኛ ኮይና በቲ ዝተዋህባ ስልጣን ተመለሱ ተነስሑ እናበለት ትሰብኽ። አባላት ቤተ ክርስትያን አብ ክልተ ተመቒሎም ክርአዩ ይክአል። ሓደ ጋንታ ፍርሃት አምላኽ ዘልኦም ንድላይ አምላኽን ንትምህርቲ ቤተ ክርስትያን ጽን ኢሎም ዝኽእሉ፥ ካልአይ ጋንታ ኸአ ካብ መገዲ አምላኽ ወጺኦም አብ ኩሉ ክፍአተ ግብሪ ተጸሚዶም ዝነብሩ ነዚ አብ ክልተ ተመቒሉ ዝርከብ እሞ ሓደ ክኸውን ዝግብኦ እትምንን ቤተ ክርስትያን እያ።

አደ ከም ባህሪ ቤተ ክርስትያን መንገኛ ክትከውን እዩ ጸዋዕትአ። አብ ስድራ ዝርአ ሰናይ ነገር መብዝሕትኡ አደ ዝመሃረቶ እዩ። አደ አብ ስድርኣ ንኹሉ ብሓደ ዓይኒ እያ እትርኢ፥ አብኣ ብፍሉይ ዝርአ ወይ እውን ብዝያዳ ሓለፋ እትፈትዎ ወይ እትገብረሉ የብላን። እዚ አምላኽ ነደታት ዝሃበን ፍሉይ ጸጋ እዩ። ንኹሉ ብሓደ አገልግሊካ ምኽአል።

ሕይወትና ብምልኡ ሃናጺቱ አደ እያ። አብ ከርሣ ጸራ አብ ሕቐፉ ንዓመታት ሒዛ ዘዕበየት ንመገዲ አምላኽን ሰብን መጀመርያ መምህር ሓባሪት አደ እያ። ንኽፉእን ጽቡቕን ፈሊና ክንክእል ደጋጊማ ከምዚ አይብሃልን ከምዚ አይግበርን እናበለት ዘስተምሃረት አደ እያ። አደ በቲ ምሉእ ተስፋ ዝህብ ዓይና ክጥምተካ እንከላ ንኩሉ እያ እትህብ። በዚ ኢና አምሳል ቤተ ክርስትያን ክንብላ እንኽእል።

## አደታት ደቂ ማርያም አሕዋት ማርያም ኢኽን።

አብ ዓለም ዝበለጸ ርክብ ምስ አምላኽ ዝገበረት ማርያም እያ። ልደታ ለማርያም አብ ባሕቲ ግንቦት ብፍሉይ ምስ ማርያም ዘሎና ርክብ ርኢና ክንክእል ዝሕግዝ ንዝክር። ማርያም አምላኽ ሓርዩ አዲኡ ምስ ኮነት ምስአ ፍሉይ ርክብ ነርዎ። አብ ክርስቶስ አምላኻውን ሰብአውን ባህሪ አሎ ሰብአዊ ባህሪ ብምልኡ ካብ ማርያም ወሲድዎ፥ አካላቱ መልክዑ ጠባዩ ኩሉ ካብ ማርያም ወሲድዎ። ነቲ ሓንቲ አደ ንውሉዳ ኩሉ እትህቦ ማርያም ከአ ኩሉ ሂባቶ በዚ ምኽንያት አደ አምላኽ ንብላ። ዝለዓለ ክብሪ ካብ ንደቂ ሰብ ዝውሃብ ክብሪ እያ ተዋሂባ። ማርያም ንአምላኽ ዝደልዮ ክገብር ጽን ኢላ ትሰምዕ ነራ፥ ሕይወት ማርያም ሕይወት ቅድስና እዩ ነዚ አብቲ ቍሩብ ብወንጌላውያን ዝንገረና ንርእዮ።

ንወዳ ካብ መጀመርያ ክሳብ መወዳእታ ተኸቲላቶ፥ አብ ዓዳ ከም አደ ንኹሉ ገራትሉ አብ ጊዜ ስደትን መከራን ምስኡ ጉህያ አብ ስብከቱ ምስአ ጀሚርዎ፥ ሕይወቱ ከአ ምስአ ፈጺምዎ። ተስፋ አበዉ ብማርያም ተፈጺሙ አብ ቀራንዮ ከአ መድኃኒት መስቀል ተሰቒሉ እናበልና አብ ጸሎታትና እንደግሞ ፍሉይ ርክብ ማርያም አብ ጉዳይ ድሕነትና ንርኢ።

ሓንቲ አደ ንማርያም ስዒባ እንተ ኸአለት ጓላ እያ። አብ ባህልና ነደታትኪ ምሰሊ ዝብል አሎ እዚ ኸአ ሕያወይቲ ለባም መሓሪት ንኹሉ አብ ልባ እትሕዝ አብ ጽልእን ፍልልይን ዘይትህወኽ. . . . ማለት እዩ፥ እዚ ኹሉ አብ ማርያም ንርእዮ ናይ ሎሚ አደታት ነዚ ባህሪ ለቢስክን ክትክእላ እንከልኽን ዓለምና ክቕየር ይክአል።

ሎሚ ሰብ መገዲ ኣምላኽ ጠፊእዎ የዕገርግር እዩ ዘሎ በዚ ምኽንያት ዝያዳ እትሳቐን እትጉህን ዘላ ኣደ እያ፥ ብፍላይ ኣብ ርእስና እሞ ንመለስ ኣደታትና ከመለዋ ክንብል እንተ ኸኣልና ሓደ ሕልና ዘልኦ ክምልሶ እንተ ኾነ ኣደታት ኣብ ዓዲ ኣብ ስደት ኣብ ኹሉ ይጉህያ ይነብዓ ኣለዋ እቲ ምኽንያት ከአ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ሓዳረንን ኣብ ደቀንን ዝወርድ እዩ። ደቀን ከም ደቂ ዛግራ ኣብ ኩሉ ፋሕ ብትን ኢሎም ኣደዳ ጥመትን ጽምእን ማእሰርትን ስደትን እቶም ክድሕኑ ኢሎም እናተጓዕዙ ኣብ ፈቐዶ በረኻታት ብጨካናት ዝቕዘፉ ዘለዉ፥ እቶም ኣብ ባሕርን ኣብ መገድን ብጃምላ ዝሃልቁ ዘለዉ እትርእን እትሰምዓን ወላዲ እንትዒ ከመይ ኢላ ትኽእሎ ኣላ። ኣደታት ኣይጥዓመንን ሓሲምወን ይነብዓ ኣለዋ።

እዚ ኩሉ ዝብሎን ዘርእዮን ዘሎ ሓቀኛ እንነብሮ ዘሎና ሕይወት እዩ። እስከ ንኹሉ ንሕደጎ ሎሚ ኣብዚ ብሩኽ መዓልቲ ነደታት ኣብ እንዝክረሉ እንታይ ክንገብር ንኽእል። መጀመርያ ሎሚ መዓልቲ ኣደታት ስለ ዝኾነ ምእንቲ ኩለን ኣደታት ክንጽሊ ክነመስግነን ፍቕርናን ኣኽብሮትናን ክንገልጸለን። ካልኣይ ፍሉይ ርክብ ምስ ኣደታትና ክንፈጥር። ምሰዲኡ ዝመክር ወዲቑ ኣይወድቕን እዩ ምኽንያት ኣደ እትህቦ ምኽሪ ኣብ ፍቕሪ ሓልዮትን ዝተመስረተ እዩ። ከምቲ ማርያም ወደይ ዝበለኩም ግበሩ እትብለና ኩለን ኣደታት ሎሚ ድላይ ኣምላኽ ግበሩ ተፋቐሩ ተመሓሓሩ እየን ዝብላና ዘለዋ።

ፍቑራት ኣደታት ብርግጽ ሎሚ ንኹሉ ሰናይክን እንዝክረሉ ንኹሉ ዝገበርክናልና የቐንየልና እንብለሉ ዕለት እዩ እሞ ብኹሉ ብልቢ ነመስግነክን። ደኺምና ከይበልክን ሎሚ እውን ብሓደ ልብን መንፈስን ኮንክን ጸልያልና። ካባኽን እንደልዮ።

1. ኵሊ ጊዜ ነቲ ኣምላኽ ዝሃበክን ጸጋ ሒዝክን ክትነብራ። ኣምላኽ ክትመርሓ ክትምህራ ክትሰብካ እዩ ድላዩ። ኣደ ኩሉ እያ ወላዲት መምህር ሓባሪት ኣፍቃሪት መሓሪት እያ። ኣደ ብፍቕራን ለውሃታን ንኹሉ ስለ እትቕይር ነዚ ሎሚ ካባኽን ንደልዮ ኣሎና።

2. መገዲ ኣምላኽ ሓብሩና። ብጸሎትክን ብትዕግስትኽን ብኹሉ ተልእካዊ ሕይወትክን ኣብ መገዲ ኣምላኽ ከም እንምለስ ግበሩና። ሕይወትክን ክቕይረና ክኽእል ኣለዎ። ኣባኽን ብርሃን ርኢና ክንክእል እሞ ንመገዲ ኣምላኽ ሒዝና ክንጉዓዝ ኣታትያና።

3. ኣይትትሓለላ። ናታትክን ጽንዓትን ብርታዐን ንእና ስንቂ ኮይኑ ኣብ ኩሉ ክንዕወት ይሕግዘና፥ ከም ማርያም ኣደኽን ደኺምና ከይበልክን ንመገዲ ቀራንዮ ዝኾነ ሕይወትክን ብዓወት ዛዝምኦ ንሕና ኣሰርክን ክንስዕብ ኢና።

4. ሕብረትክን ሓድነትክን ኣርእያና። ብሓደ ክትስሕቃ ክትፋቐራ ክትተሓጋገዛ ክንርኢ ከሎና ንእና ተስፋን ፍሉይ ሓይልን እዩ ዝፈጥረልና። ኣቦ ዘበላሸዎ ኣደ እያ እትዕርዮ እሞ ንኹሉ ኣብ ጽቡቕ ክትመልሳልና ተልእኮኽን እዩ።

ፍቑራት ደቂ ማርያም ኣደታትናን ኣሓትናን። ሕይወት ጉዕዞ እዩ፥ ኣብ ጉዕዞ ከይንደክም ጓል መገዲ ከይንወስድ ነቲ ሓቀኛ መገዲ ዝኾነ ክርስቶስ ሓብሩና። ኣደ ዘይብሉ ሕይወት ዘኽታም እዩ ዝኸውን ዝኽትመና መንፈስ በርቲዑና ኣብዘለናሉ እዋን ናታትክን ጸሎትን ትብዓትን ሓገዝን ወሳኒ እዩ። እሞ መገዲ ኣምላኽ ከይጠፍኣና ብፍቕርን ብጸሎትክን ብሕይወትክን ሓብሩና።

ምልክት ፍቕሪ ኣምላኽ ዝኾነ ተፈጥሮኽን ንኣምላኽ ከዘኻኽረና እና ተመነና ብዳግም ብልቢ ንኹሉ ዝገበርክናልና ነመስግን ኣብ ኹሉ እሙናት ደቃን ኣሕዋታን ማርያም ኮንክን እትጉዓዛሉ

ሕይወት ክዕድለክን ብልቢ እናጸልና ሰናይ ትምኒትና ንገልጸልክን። ኣምላኽ ብርሃን ስድራኽንን ዓድኽንን ልዕሊ ኹሉ መብራህቲ ቤተ ክርስትያንን ይግበርክን።

ቅድስናን ሓጎስን ዝመልኦ መዓልቲ ኣደታት ይግበረልክን።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ

1.

2.